# ቅዋም፤
# ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ዛምብያ

*“ኩሉ ኣብ ዛምቢያ ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ሃገራዊ ሓድነቱን መንነቱን ኣሐይሉ፤ ብዝለዓለ ውዳበን ጥርናፌን ንሓባራዊ ረብሓን ትስፍዉ መጻእን ዕብየትን ብሓደ ልቢ ምስላፍን ምስራሕን።”*

**ሉሳካ፤ ዛምቢያ**
**16-05-2006**

**ዓንቀጽ 1፣ ስም ማሕበር**

- ስም ማሕበር <u>"ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ዛምብያ" (ማኤዛ)</u> ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብቋንቋ እንግሊዝ ድማ <u>"**Eritrean Community in Zambia**"</u> ተባሂሉ ይስመ።

- ማሕበር ብኣባላት ብዝጸደቐ ቅዋም ይምራሕ፣

- ሕጋውነት ማሕበር ከም ጥርናፈ ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ዛምቢያ ንምርግጋጽ፣ ሕጊ መንግስቲ ዛምቢያ ብዝፈቕዶ ኣገባባትን ቅጥዕታትን ይምዝገብ፣

- ቤት ጽሕፈት ማሕበረ-ኮም ኣብ ሉሳካ (ዛምብያ) ኮይኑ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣለዎ፡-

  ጎደና -
  ቁጽሪ ቴለፎን -
  ቁጽሪ ሳጹን -
  **e-mail -**

**ዓንቀጽ 2፣ ተልእኮ (Mission) ማሕበር**

*"ኩሉ ኣብ ዛምቢያ ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ሃገራዊ ሓድነቱን መንነቱን ኣሐይሉ፣ ብዝለዓለ ውዳበን ጥርናፈን ንሓባራዊ ረብሓን ትስፍዉ መጻእን ዕብየትን ብሓደ ልቢ ምስላፍን ምስራሕን"*

**ዓንቀጽ 3፣ መሰረታዊ መትከላት**

- ኣብ ናጻ ድሌት ዝተመርኮሰ ማዕርነታውን ሓላፍነታውን ተሳትፎ ኩሉ፣

- ኣንጻር ጸቢብ ረብሓታትን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካዊ ጽልዋታት ሃይማኖት፣ ኣውራጃ፣ ቀቢላ፣ ጾታ፣ ወዘተ፣ ዝኾነ ድልዱል ሓድነትን ሓያል ሃገራዊነትን፣

- ንሓባራዊ ዕብየት ዝቐንዐ ማሕበራዊ ምትሕግጋዝን ጻዕርታትን፣

- ንኹሉ ዘሳትፍ ሓያልን ውዱብን ኣመራርሓ፣

**ዓንቀጽ 4፣ ዕላማታት**

ማሕበር ብመሰረት ዓሊምዎ ዘሎ ተልእኮን ዝሓንጸጸ መትከላትን ምርኩስ ብምግባር እዚ ዝስዕብ ዕላማታት ንምውቃዕ ይጽዕት፡-

- ሃገራዊ ሓድነትን መንነትን ምድልዳል፣ ኣብ መንጎ ዜጋታት ምትሕግጋዝ ምሕያል፣

- ክብርታትን ባህልን ኤርትራ ምዕቃብን ናብ መንእሰይ ወለዶ ከም ውርሻ ምትሕልላፍን፣

- ልምዓታዊ፣ ባህላዊ፣ ትምህርታዊ፣ ማሕበራዊ ተሳትፎን ዕብየትን ዜጋታት ምርግጋጽ፣

- ኣብ ዛምቢያ ዝነብሩ ዜጋታት መሰላቶም ንኺሕሎ ምጥባቕን ምክትታልን፣

- ዜጋታት ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝግባእ ስሩዕ ኣገልግሎት ንክረኽቡ ምሕጋዝ፣

- ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ዛምብያን ባህላዊ ዝምድናታት ምምዕባል፣

## ዓንቀጽ 5፡ ስፍሓትን ዝርጋሐን ንጥፈታት ማሕበር

### *ባህላዊ ንጥፈታት*

- ኤርትራዊ ቋንቋታትን ባህልን ልምድን ምምሃር፡
- ቤት ትምህርቲ ብምድላው ኤርትራውያን ህጻናት ቋንቋኦም ንክፈልጡ መደባት ምስራዕ፡
- ስሩዕ ባህላዊ ንጥፈታት ምክያድ፡
- ወግዓዊ ሃገራዊ በዓላት ብሓባር ምኽባርን ንጥፈታት ምክያድን (መዓልቲ ናጽነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ ባሕቲ መስከረም)፡

### *ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ንጥፈታት*

- ውዱብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንኤርትራውያን ዜጋታት ዝወሃበሉ መንገዲ ምውዳብ፡
- ጠበቃ ብምቑጻር ይኹን ብኻልእ መንገድታት መሰል ኤርትራውያን ከምዝኽበር ምግባር፡
- ምስ ናብራ ስደትን ዘሎ ብድሆታትን ንምቕላስ ዘኽእል ሓበሬታ፡ ፍልጠት፡ ክእለትን መምርሕታትን ንዜጋታት ምሃብ፡

### *ጥርናፈ ምሕያል*

- ስሩዕ ኣኼባታት፡ ጉባኤታት፡ ገምጋማት ምክያድ፡ ኣብ ምዱብ ግዜ ድማ መሪሕነት ማሕበር ምምራጽ፡
- ማሕበር ዝምረሓሉም ዝተፈላለዩ መምርሕታት፡ ሕግታት፡ ወዘተ. ምውጻእ፡
- ኣብ ውሽጢ ማሕበር ዝርከቡ ኣባላት በብማሕበራዊ ሙያኦምን ድሕረ-ባይታኦምን ንክጥርነፉን ንክተሓጋገዙን መደባት ምሕንጻጽ፡ በዚ መሰረት ከኣ፡ ናይ ቢዝነስ፡ ሙያዊያን፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ መንእሰያትን ጉጅለታት ንኪምዕብላ መደባት ምስራዕ፡
- ንህጻናት ዝምልከት ፍሉይ ጉጅለ ኣብ ውሽጡ ብምውዳብ ድማ ንጥፈታት ህጻናት ዝመርሕ ውዳበ ምምዕባል፡
- ጥርናፌ ንምሕያል፡ ቤት ጽሕፈት ይኹን ክለብ ማሕበር ዝምስርተሉ መንገዲ ምጉስጓስ፡
- ማሕበር ዝተፈላለየ ጽሑፋትን መጽሔትን ንከውጽእ ምውዳብን መደባት ምስራዕን፡
- ምስ ካልኦት ኤርትራዊያን ማሕበረ-ኮማት ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ዝምድናታት ምምዕባል፡ ምትሕግጋዝ ንምፍጣርን መርበብ ንምትእትታውን መደባት ምስራዕ፡

### *ናይ ሓበሬታን ምምኽርን ኣገልግሎታት* (Counseling and Information Guidance)

- ማሕበር ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ንሙያዊያን ኣባላቱ ብምውዳብ ይኹን ካልእ ምንጭታት ብምጥቃም ንኣባላት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ምምኽርን ሓበሬታን ይፈጥር፡
- ምስ ኣይድስን ካልእ ጥዕናዊ ሓደጋታትን ብምዝማድ ማሕበር ዘድሊ ኣስተምህሮታትን ምኽርን ንኤርትራዊያን ይውድብ፡
- ኣብ መንእሰያት ዝቐንዐ ፍሉይ **Counseling and Information Guidance** ይፈጥር፡

### *ልምዓታዊ መደባት*

- ኣብ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ተሳታፍነት ንምዕዛዝ ፕሮጀክትታት ምሕንጻጽ፡
- ኩሉ ዜጋ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግቡኣት ንከማልእ ምጉስጓስ፡
- ኣብ ምዱብ ግዜ ስሩዕ ዑደትን መገሻን ናብ ኤርትራ ንኪካየድ ምንቕቓሕን ምጉስጓስን፡
- ማሕበር ስራሕ ኣልቦ ንዘኾኑ ኣባላት ኣብ ስራሕ ንክኣትዉ ይተሓጋገዝ፡
- ማሕበር ተበግሶን ምብልሓትን ሓርኮትኮትን ዘለዎም ኤርትራዊያን መንእሰያት ኣብ ቁጠባዊ ንጥፈታት ንኪዕወቱን ናይ **Entrepreneurship** ኣንፈት ንኪሕዙን ዘድሊ ምትብባዕ ይገብር፡ ጎስጓሳት ከኣ የካይድ፡

- ኣብ ዛምቢያ ዝርከባ ኤርትራዊያን ኩባንያታት ኣብ ወፍሪ ሃገር ዝሳተፋሉ መንገዲ ምጉስጓስ፣

*ምስ ህዝቢ ዛምቢያ ዝምድናታት ምሕያል*

- ምስሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዛምቢያ ንምዕዛዝ ምጉስጓስ፣
- ባህልን ስነ ጥበብን ኤርትራ ንምልላይ ዘገልግል ኣጋጣሚታትን መደባትን ምሕንጻጽ፣
- ኣብ ዛምቢያ ኣብ ዝካየዱ ዝተፈላለዩ ኣገዳስቲ ዝኾኑ መደባትን ኣጋጣሚታትን ምስታፍ፣

**ዓንቀጽ 6፣ ኣባልነት ማሕበር**

- ኩሉ ኤርትራዊ ዜግነት ዘለዎ ዜጋ ማሕበር ኣብ ቅዋሙ ኣጽዲቑዎ ዘሎ መትከላትን ዕላማታትን ምስዝኣምን፣ ኣባል ማሕበር ይኸውን፣

- ኩሎም ኤርትራዊያን ዜጋታት ኣባላት ማሕበር ንኪኾኑ ማሕበር ክጎሳጉስ ሓላፍነት ኣለዎ፣

- ኣባልነት ብድሌት (Voluntary) ይኸውን፣

- ኣባልነት ብውልቂ ኢዩ፣ ዝኾነ 18ን ልዕሊኡን ዕድመ ዘለዎ ድማ ኣባል ንኺኸውን መሰል ኣለዎ፣

- ኣብ ማሕበር ኣባል ዝኸውን እዚ ዝስዕብ መመዘኛታት (Criteria) ዘማልአ ይኸውን፡-

    - ኤርትራዊ ዜግነት፣
    - 18ን ልዕሊኡን ዕድመ፣
    - ብሓድነት ህዝብን ሃገርን ምእማን፣
    - ንጥርናፈ፣ ሓድነትን ምዕባሌን ምእማንን ምስራሕን፣
    - ቅዋም ማሕበር ብምሉእ እምነት ምቕባልን ምትግባርን
    - ንመሰላት ኤርትራዊያን ዜጋታት ንምቕላስ ድልውነት፣

- ኣባልነት ናብ ማሕበር ብጽሑፍ ይኸውን። ነዚ ዝምልከት ሕጋዊ ፎርምን ቅጥዕታትን ድማ ይህሉ። ካብ ኣባልነት ምስሓብ'ውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ይፍጸም፣

- ኣባል ኪኸውን ዘመልከተ ዜጋ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ብኣካየድቲ ኮሚቴ ማሕበር ብጽሑፍ መልሲ ይወሃቦ፣

**ዓንቀጽ 7፣ ቅጥዕታት ማሕበርን ክፍሊትን**

- ነብስወከፍ ኣኣባል ወርሓዊ ውጽኢት ማሕበር ኣብ ግዚኡ ኪኸፍል ሓላፍነት ይስከም፣
- ኤርትራዊ ኣባል ማሕበር ክኸውን ምስ ዝሓትት፣ ካብቲ ዝጀመረሉ ግዜ ወርሓውን ናይ መማዕበሊ ማሕበርን ክፍሊታት ከፊሉ ኣባል ይኸውን፣
- ምሉእ መሰል ኣባል ካብቲ ዝተመዝገበሉ ግዜ ድሕሪ 3 ወርሒ ይኸውን፣ ይኹን'ምበር ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ማሕበር ግን ኪሳተፍ ይጸንሕ፣
- ብዘይ ምኽንያት ን3 ወርሒ ወርሓዊ ክፍሊት ዘይከፈለ ኣባል፣ እቲ ክፍሊት ምስ 50% መቕጻዕቲ ይኸፍል፣
- ኣባል ወርሓዊ ውጽኢት ከይከፈለ 6 ወርሒ ምስ ዝገብር፣ ድሕሪ ምድስካል ተጽኒዑ ኣድላዪ ስጉምቲ ይውሰደሉ፣
- መሰሉ ዝተገፈ ኣባል ኩሉ ግቡኣቱ ድሕሪ ምምላእ መሰሉ ኪሕደስ ይኽእል፣

**ዓንቀጽ 8፣ ምድስካልን ምስራዝን ኣባልነት**

- ሓደ ኣባል ማሕበር ካብ ኣባልነት በዚ ዝስዕብ ምኽንያት ይስረዝ፡-

- ኣባል ብቕዋም እቲ ማሕበር ምስ ዘይቕየድን ምስ ተልእኾ ማሕበር ዘይከይድ ኣሉታዊ ጽልዋታት ምስዝገብርን
- ብገዛእ ፍቃዱ ካብ ኣባልነት ንኪስሕብ ምስዘመልክት፡
- ሰለስተ ግዜ መጠንቐቕታን መቕጻዕትን ተዋሂቡዎ ድሕሪ ምድስካል ግቡኡ ምስዘየማልእ፡
- ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ብተኸታታሊ ንልዕሊ 6 ወርሒ ካብ ንጥፈታት ማሕበር ምስ ዘቋርጽ፡

- ግቡኣቱ ዘየማልእ ኣባል ማሕበር፡ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ካብ ዝኾነ ይኹን መሰላት ከምዝድስክል ይግበር፡ ክሳብ ግቡኣቱ ዘማልእ ድማ ካብ መሰላት ይኽላእ፡

- ምድስካል ይኹን ምስራዝ ካብ ማሕበር ብሓለፍቲ ማሕበር ይውስን፡ ብኣባላት ኣብ ኣኼባ ይጸድቕ፡

- ዝተሰረዘ ኣባል ጉድለቱ ኣሪሙ ክምለስ ብጽሑፍ ምስዝሓትት፡ ጉዳዩ ብኣካየድቲ ማሕበር ተራእዩ ናብ ኣኼባ ኣባላት ቀሪቡ ዳግመ-ግምት ምስተገብረሉ ይጸድቕ፡

- ኣባልነቱ ዘቋረጸ ሰብ ኣቐዲሙ ዝኸፍሎ ዝኾነ ይኹን ገንዘብ ኣይምለሰሉን፡

**ዓንቀጽ 9፡ መሰላትን ግቡኣትን ኣባላት**

***ግቡእ ኣባል ማሕበር***

- ቅዋም ማሕበርን ኩሉ ካልእ ሕግታትን ተማእዚዝካን ኣኽቢርካን ምኻድ፡

- ሓድነትን መንነትን ኤርትራዊያን ምሕላውን ምኽባርን፡

- ብውልቂ ይኹን ብደረጃ ስድራቤት ዝስላዕ ክፍሊታት ማሕበር ኣብ ግዚኡ ምኽፋል፡

- ማሕበር ኣብ ዝጠልቦ ካልእ ኣበርክቶታትን ክፍሊታትን ምስታፍ፡

- ኣብ ዝካየድ ኣኼባታት፡ ጉባኤታትን ምስታፍ፡

***ሓፈሻዊ መሰል ኣባል***

- ኣብ ንጥፈታት ማሕበር ብማዕረ ናይ ምስታፍ ዕድል፡

- ንጉዳይ ሃገር ይኹን ኮሙኒቲ ዝምልከት ሓበሬታ ብማዕረ ናይ ምርካብ መሰል፡

- ኣኼባታት ይኹን ጉባኤታትን ካልእ ኣጋጣሚታትን ናይ ምስታፍን ምዕዳምን፡

- ኣብ ኩሉ ንኮሙኒቲን ማሕበርን ዝምልከት ጉዳያት ርእይቶ፡ ሓሳባትን ሕቶታትን ናይ ምቕራብ፡

- መደባትን መምርሕታትን ማሕበር ናይ ምፍላጥ፡

- ማሕበር ኣብ ዝህቦ ኣገልግሎታትን ደገፋትን ብማዕረ ናይ ምጥቃም፡

***ፍሉይ ውልቃውን ስድራቤታውን መሰላት***

ዓቕሚ ማሕበር ኣብ ግምት ኣትዩ ኣባል እዚ ዝስዕብ ውልቃውን ስድራቤታውን መሰላት ይረክብ፡

- በዓልቲ ቤት ኣባል ማሕበር ምስ ትሓርስ ዕምባባ ምብርካት፡
- ንኣባላት ኣብ ኣገዳሲ ዓወታትን ናይ ሓጎስ ፍጻሜታት ከም ትምህርቲ

ምምራቕ) ዕምባባ ሓጎስ ምልኣኽ፥

- ኣባል ብሕማም ደኹን ሓደጋ ኣብ ሆስፒታል ምስ ዝኣትው ደገፍ እንተሓቲቱ ናይ ሆስፒታል ዝክፈል ገንዘብ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ደገፍ ይግበረሉ
- ትሕቲ ዕድመ ዝኮኑ ስድራ ኣባል ኣብ ሆስፒታል ምስ ዝድቅሱ እቲ ስድራቤት ሓገዝ ምስ ዝሓትት ካብቲ ዝኸፍሎ ዝተወሰነ ብማሕበር ይኽፈሉ፥
- ኣባል ምስ ዝምወት መደበሲ K 1,000,000.00 ንስድራቤት መደበሲ ይወሃብ፥
- ኣባል ወለዱ ምስዝሞቱዎ K 1,000,000.00 መደበሲ ይወሃብ፥
- ወለዶም ኣቦ ዛምቢያ ዘየለዉ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ዛምብያ ብዘይ ወለዶም ዝነብሩ ትሕተ-ዕድመ ኤርትራውያን ምስ ዝሙቱ መደበሲ ይወሀቦም፥
- ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ምስ ኣባል ማሕበር ብሞግዚትነት ዝነብር ምስ ዝመውት K 1,000,000.00 መደበሲ ይወሃብ፥
- ኣባል ማእሰርቲ ምስ ዘጋጥሞ ብማሕበር ዝከኣል ሓገዝ ይግበረሉ፥
- ኣባል ምስ ዝምርዓው ወይ ደቂ ምስ ዘመርዑ ማሕበር ብሓባር ድራር ፈስታ ይግበር፥

## ዓንቀጽ 10፥ ኣመራርሓ

### *ቅርጺ*

- ማሕበር ብኣካያዲት ኮሚቴ ይምራሕ። ኮሚቴ ብኣቦ መንበር፥ ጸሓፊ፥ ተሓዚ ገንዘብን ዝቖመት ኮይና፥ ብሰለስተ ኣባላት ዝቖመ ኦዲት ኣካል ድማ ይህልዋ፥

- ኣካያዲት ኮሚቴ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ጉባኤ ማሕበር ብስቱር ምርጫ ትምረጽ፥

- ዕድመ ኣካያዲት ኮሚቴ ንክልተ ዓመት ይኸውን፥

- ኣብ ኣካያዲት ኮሚቴ ዘገልገለ ኣባል ንካልኣይ ጊዜ ኪምረጽ ይኽእል፥

### *ኣመራርጻ*

- ምርጫ ንምክያድ ኣብ ተልእኮ፥ ዕላማታትን ኣመራርሓን ማሕበር ዝተመርኮሰ ንጹር መመይታት የውጽእ፥ ንኩሉ ኣባል ከኣ ብግሉጽ መንገዲ ከምዝበርሃሉ ይግበር፥

- ምርጫ ብስቱር ድምጺ ይካየድ፥ ብቕሉዕ ከኣ ድምጺ ይቑጸር፥

### *ኣኼባታትን ጉባኤን*

- ማሕበር ስሩዕ ኣኼባ (ወርሓዊ) ኣብ ቀዳመይቲ ሰንበት ነብስወከፍ ወርሒ የካይድ፥ ኣካያዲት ኮሚቴ ግዜን ቦታን ንኣባላት ኣቐዲማ ትሕብር፥

- ማሕበር ገምጋም ዘካይደሉን መደብ ዝሕንጽጸሉን ዓመታዊ ኣኼባ ይካየድ፥

- ጉባኤ ማሕበር ኣብ ክልተ ዓመት ይኸውን፥

- ኣብ ውሽጢ ማሕበር ዝቖማ ዝተፈላለያ ማሕበራዊ ጉጅለታት (ቢዝነስ፥ ሙያዊያን፥ ደቂ ኣንስትዮ፥ መንእሰያት) መደባተን ሰሪዐን ምስ ኩነታተን ዝሰማማዕ መደባት ኣኼባታት ኣውጺአን ንኣቦ መንበር ይሕብራን ጸብጻብ የቕርባን፥

- ኣካያዲት ኮሚቴ ማሕበር ኣብ ከክልተ ሰሙን ኣኼባ ተካይድ፥

- ፍሉይ ኣኼባ ብኣቦ ወንበር ከከም ኣድላይነቱ ይጽዋዕ፥

### *ጸብጻብ*

- ኣካያዲት ማሕበር ኣብ ምዱብ ግዜ ጸብጻብ ናብ ኣባላት ተቕርብ፥

- ወርሓዊ ጸብጻብ ማሕበር ንኣፍልጦን ምክትታልን ይኹን ዘድሊ ምትሕግጋዝ ንምግባር ናብ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ይለኣኽ፣
- ማሕበር በብእዋኑ ህላዌን ሃለዋትን ኤርትራውያን ዝግለጽ ሓበሬታን ናይ ነብስወከፍ ኤርትራዊ ፕሮፋይልን የዳሉ፣ ቅዳሕ ድማ ናብ ቆንስላዊ ጉዳያት ይልኣኽ፣

*ብጾሒት ስራሕ ኣባላት ኣካያዲት ኮሚቴ*

*ኣቦ መንበር*

- ኣኼባታት ይመርሕ፣
- ወኪል ማሕበር ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳያት ይውክል፣
- ኣኼባታት ይጽውዕ:
- ንማሕበር ዝምልከቱ መደባት ይመርሕ፣ መደባት ይከታተልን ንኪትግበሩ መምርሕታት ይህብን፣ ኣብ መደባት ማሕበር ብምሉእ ተወፋይነት ይሰርሕ፣ ትግባሬ ባጀትን ገንዘብን ማሕበር ይከታተል፣

*ጸሓፊ*

- ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ ኣኼባታት ይመርሕ፣
- ደቃይቕ  ኣኼባታት ይምዝግብ ይሰንድ፣
- ደብዳቤታትን ሓበሬታን ናብ ኣባላት ማሕበር የመሓላልፍ፣
- ናይ ኣኼባታት ጸብጻብ የዳሉ፣
- ሕጋዊ መዝገብን ሰነዳትን ማሕበር ይዕቅብ፣
- ኣኼባታት ይሕብርን ይውድብን፣
- ጸብጻብ ማሕበር የዳሉ፣

*ተሓዝ ገንዘብ*

- ኣታዊ ገንዘብ ማሕበር ይእክብ፣ ይቆጻጸር፣
- ሰነዳት ናይ ኩሉ ኣታዊታት ማሕበርን፣ መዝገብ ንብረት ማሕበርን ይሕዝ፣
- ፋይናንሳዊ ጸብጻባትን ሰነዳትን ማሕበር ብግቡእ ይዕቕብ፣
- ገንዘብ ማሕበር ኣብ ሕሳብ ባንክ ማሕበር የቐምጥ፣
- ብመምርሒ ኣቦ መንበር ካብ ገንዘብ ወጻኢ ይገብር፣ ምስ ኣቦ መንበር ከኣ ካብ ባንክ ንዝወጽእ ገንዘብ ሸክ ይፍርም፣
- ፋይናንሳዊ ጸብጻባት ኣብ ኣኼባታት የቕርብ፣

*ኣካል ኦዲት*

- ብሓፈሻዊ ጉባኤ ትምረጽ፣
- ተሓታትነታ ንዝመረጸ ኣካል ጉባኤ ይኸውን፣
- ኣብ ዓመት 2 ጊዜ ፋይናንሳዊ ጸብጻብ ኦዲት ትገብር፣
- ኣብ ዝተሓተተትሉ ጸብጻብ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ተቕርብ፣
- ሰነዳት ማሕበር፣ ገንዘብን ንብረትን ማሕበር መርሚራ ጸብጻብ ተቕርብ፣

## ዓንቀጽ 11፣ ምምሕያሽ ቅዋምን ሕጋጋትን

- ክልተ ሲሶ ኣባላት ማሕበር ምስ ዝሓቱ፣ ቅዋም ምምሕያሽ ይግበረሉ፣
- ሕግታት ማሕበር በብእዋኑ ብዝቐርብ ገምጋምን ክትዕን እዋናዊ ምምሕያሽ ኪግበረሉ ይከኣል፣

*ሓድነትን መንነትን ኤርትራ ብዜጋታት ይደልድል!*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ!*